# ቃለ-መጠይቕ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

# ኣብ ጉዳይ ዋዕላ ሽርክነት ኣፍሪቃን ቻይናን



ስረዲን ዓብደልራሕማን

- **ክቡር ፕረዚደንት ኣብ 9ይ ኣኼባ መራሕቲ ሃገራት ምትሕግጋዝ ቻይና-ኣፍሪቃ ንምስታፍ ኣብ ከተማ በይጂንግ ኣለኻ። ዋዕላ ከመይ ነይሩ?**

ከምዚ ዓይነት ዋዕላታት ምስ ቻይና ጥራይ ዘይኮነ ምስ ሩስያ፡ ጃፓን፡ ኮርያ፡ ኢጣልያ፡ ኣመሪካ፡ ስዑድያ ወዘተ. ልሙድ እዩ። ኣፍሪቃ ካብዚ እንታይ ትረብሕ? ብኸልተ መዳይ ክንርእዮ ንኽእል። በቲ ሓደ እቲ ተስፋ እዩ። በቲ ካልእ ድማ እቲ ስክፍታ እዩ። ናይ ቻይናን ኣፍሪቃን ርክብ ንኣብነት ካብ ዝጀመር ዕስራ ዓመት ገይሩ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ዕስራ ዓመት እንታይ ምዕባለታት መጺኡ? እንታይ ተኣሚሙ ነይሩ? እንታይ'ከ ተተግቢሩ? ኢልካ ነቲ ምዕባለታት ምግምጋሙ ኣገዳሲ እዩ። ዝበዝሕ ግዜ ከምዚ ዝኣመሰለ ዋዕላታት፡ ናይ ህዝባዊ ርክባት ሃልኪ ጥራሕ ኰይኑ'ዩ ዝተርፍ። ድግስ ምስ ሓለፈ፡ እቲ ጉዳይ ይርሳዕ። ገስጋሱ ዝከታተል የለን። እዚ እቲ ስክፍታ ዝፈጥር መዳዩ እዩ። ስቕ ኢልካ ድግስ ተገይሩ፡ ኣብቲ ድግስ ተሳቲፍና ጥራይ ኣብ ክንዲ ዝኸውን ገስጋሱ ብዕቱብ ክግምገም ዝግባእ እዩ። እቲ ዝካየድ ዘሎ ዋዕላታት ኣብ መቓን (context) ዓለማዊ ኩነታት ኣእቲና ክንርእዮ ክንክእል ኣለና። ዓለማዊ ኵነታት ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ 20-30 ዓመታት ካብ ምንታይ ናብ ምንታይ ተሰጋጊሩ? ክነንብቦ የድልየና። ዝሑል ኲናት ናቱ ታሪኽ ኣለዎ።


ዝሓለፈ 30 ዓመታት ከኣ፡ እንኮ ቀጽራዊ ዓለም ንምፍጣር ዝተሃቀነሉ ግዜ እዩ ነይሩ። እዚ ኣብ ኣፍሪቃ እንታይ ስንብራት ነይሩዎ? ብዓለም ደረጃኸ፡ ኣብ ኣመሪካ፡ ኤውሮጳ፡ እስያ፡ ላቲን ኣመሪካ እንተድኣ ኢልና ብዙሕ ትንታነ ክቐርበሉ ይኽእል እዩ። ናይ ቻይና ኣፍሪቃ ምትሕግጋዝ ከኣ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ

መቓንንዚ ክርአ ዘለዎ እዩ። ከምኡ ዝኣመሰለ ድግሳት ምስ ካልኦት እውን ቀጻሊ ዝግበር እዩ። እቲ ዘሎ ዓለማዊ ኩነታት ኣዝዩ ተገላባጢ ብምዃኑ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ቀራና መንገዲ ኢና ዘለና። ናብ ሓድሽ መዋእል (era) ንኣቱ ኣለና። ኣብዚ ናብ ሓድሽ መዋእል እንሰጋገረሉ ዘለና እዋን፡ እዞም ዝካየዱ ዘለዉ ዝተፈላለዩ ርክባት ብኸመይ ክተሓዙ ኣለዎም? ዕቱብ ዘተ ዘድልዮ እዩ። ናይ ኣመሪካን ኤውሮጳን ጥፍሽና እናተጋህደ ይኸይድ ኣሎ። ድሕሪ ምብቃዕ ዝሑል ኲናት፡ ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት እንኮ ቀጽራዊ ስርዓት ክንፈጥር ኢና፡ ዓለም ክንቈጻጸራ ኢና፡ ንዓለም ኣብ ናይ ጽልዋ ክልላት ክፋፊልና ክነመሓዳድራ ኢና፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ከባቢ ወኪል ገይርና ዓለም ክንቈጻጸራ ኢና - ተባሂሉ ዝተኣታተወን ዝተሰርሓሉን ፖሊሲታት ነይሩ።

ናብ ከምዚ ዓይነት ጌጋ ዘምርሖም፡ ናይ ሶቭየት ነበር ምፍርኻሽ እዩ። ሶቭየት ካብ ተበታተነት ድሕሪ ሕጂ ዝወዳደረና የለን፡ ዓለም ኣብ ትሕቲ ቍጽጽርና እያ ብዝብል እምነት ኣብ ዓለም ዝፈጠርዎ ህውከትን ዘውረድዎ ዕንወትን፡ እዚ እዩ ኢልካ ክትግምቶ ዝከኣል ኣይኰነን። ኣብ ከምዚ ዓይነት ዓለማዊ ሃዋህው ዝያዳ ዝተሃስየ ክፍለ ዓለም መን እዩ? እንተተባሂሉ ኣፍሪቃ እዩ። ኣፍሪቃ ተገሊሉ ዝጸንሐ ኣህጉር እዩ። ምስቲ ተሃስዩዎ ዝጸንሐ፡ ሕጂ ንሸርክነት ድሉው ድዩ? ንኸምዚ ዝኣመሰለ ዓበይቲ ዕድላት ተጠቒሙ፡ ሸርክነት ኣብ ምህናጽ ክሳተፍ ይኽእል ድዩ? ዓቕሚ ኣለዎ ድዩ? መጀመርታ ክርአ ዘለዎ'ዩ። ድሕሪኡ እቲ ሸርክነት እንታይ መልክዕ ይሕዝ? ኣብ ምንታይ ዓውድታት'ዩ ሸርክነት ክግበር ዝከኣል? ክዝረበሉ ይኽእል። ብወገንና መበገሲ ክኾነና ዘቕረብናዮ ወረቐት ኣሎ። እቲ ወረቐት ሓፈሻዊ ኰይኑ፡ ዝርዝራቱ ምስ ግዜ እናተነጻረን እናተዘርዘረን ክኸይድ ዘለዎ እዩ።

ኣፍሪቃ ኣብ ዓለምና እቲ ዝደሓረ ክፍለ ዓለም እዩ። ሸርክነት ክገብር እንተኾይኑ፡ ካብቲ ዘለዎ ክውንነት ተበጊሱ እዩ እምበር፡ ከምተን ኣዝየን ብኢንዱስትሪ ዝማዕበላ ሃገራት ክሓስብ ኣይክእልን እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ኣብ ኣፍሪቃ፡ ልኡላዊ ውሳነታቱ ኣብ ኢዱ እናሃለወ፡ ምስዚ ዘሎ ዓለማዊ ሃዋህው ብኸመይ መገዲ ክሰርሕ ይኽእል? ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ ምትሕጋግዝ ክሳተፍ እንተኾይኑ ብኸመይ ክሳተፍ ኣለዎ? ክውስን ኣለዎ። ካብኡ ሓሊፉ እውን ብደረጃ ዞባ፡ ክፍለ-ዞባ፡ ብክፍለ ዓለም ደረጃ፡ እንታይ ክገብር ኣለዎ? ክሓስብ ኣለዎ። ብሓፈሻዊ ገምጋም ኣብ ኣፍሪቃ ቍጠባ ኣሎ ኢልካ ምዝራብ ዝከኣል ኣይኰነን። ምስዚ ዘሎ ናይ ዓለም ኩነታት ብምዝማድ፡ ናይ ድኻማ፡ ናይ ዕንጋሎ ቍጠባታት እዩ። ንገዛእ ርእሱ ዝኣኽሎ እውን ከፍሪ ኣይክእልን እዩ። ንጥቀመሉ ቴክኖሎጂ ናይ ቀደም እዩ። ናብ ምምስራሕ፡ ናብ ክብሪ ምውሳኽ፡ ናብ ምስናዕ፡ ክሰጋገር ዘለዎ እዩ። ጸገም ናይ ኣፍሪቃ፡ ብሰለስተ መዳይ ክረአ ይከኣል። ቀዳማይ ጥረ-ነገር ጥራይ ምሻጥ እዩ። ፍርያት ዕደና፡ ሕርሻን ካልእን ብጥሪኡ'ዩ ዝኸይድ። ኣይምስራሕን እዩ። ብዝተሓተ ዋጋ ድማ

እዩ ዝግዛእ። ብኣንጻሩ ዝተመስርሐ ፍርያት ናብ ዕዳጋታት ኣፍሪቃ ብኽቡር ዋጋ እዩ ዝኣቱ። እዚ ድማ ካልኣይ መዳይ ናይቲ ክሳራ እዩ። እቲ ሳልሳይ፡ ነዚ ኣጸጋሚ ኵነታት'ዚ ንምምካት ናይ ኣፍሪቃ ቍጠባታት ዝገብሮ እንተሃልዩ፡ ምልቃሕ እዩ። ካብ ደገ ገንዘብ ይልቃሕ። ምልቃሕ ጸገም ኣይኮነን። እቲ ሕቶ ልቓሕካ ብኸመይ ትኸፍል'ዩ። ልቓሕ ክትከፍል ኣታዊታት እትረኽበሉ ቍጠባዊ ንጥፈታት ክህልወካ ኣለዎ። ኣብ ክንዲ ብኽሳራ ሸይጥካ፡ ብኽብሪ ዘለዎ ዋጋታት ትገዝእ፡ ብምዕሩይ ዝኹነ ዋጋታት ክትገዝእን ክትሸይጥን ክትክእል ኣለካ። እዚ ስለዘይኮነ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ቁጠባ ኣፍሪቃ ብዕዳ ተለጢጡ ኣብራኺ እዩ ዝስበር ዘሎ። ኣይ ጥረ ነገራት ሸይጥካ፡ ቍም-ነገር ክትገብር፡ ኣይ ዝተመስርሐ ፍርያት ወይ ምህርቲ ገዚእካ ቍጠባኻ ብመጠኑ ከተሳሲ፡ ኣይ ተለቂሕካ ልቓሕካ ክትከፍል፡ ናይ ቍጠባ ብድሆታት ኣብ ኣፍሪቃ መወዳእታ የብሉን። ኣብ ኣፍሪቃ ናይ ቍጠባ ጸገማት ጥራይ ዘይኰነ፡ ርግኣት ንገዛእ ርእሱ ዓቢ ሽግር'ዩ። ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት ኣፍሪቃ ህንጸት ሃገር (Nation Building) ከምቲ ዝድለ ክስጉም ኣይከኣለን።



ሃገራት ብውሽጠን ተሓቑነን፡ ተዘሪገን እየን። ሕብረተሰባት ተተፋኒኑ ርግኣት የለን። ርግኣት መሰረታዊ ረቛሒ ንልምዓት እዩ። ርግኣት ኣብ ዘይብሉ ልምዓት ክህሉ ኣይክእልን። ጸጋታትካ ብግቡእ ክትጥቀመሉ ርግኣት ክህልወካ ኣለዎ። ኣብቲ ዘቕረብናዮ ወረቐት እቶም ጸገማት ሓደ ብሓደ ተዘርዚሮም ኣለዉ። ምኽንያቱ ፍታሕ ከይረኸብካሎም ምስ ቻይና ድዩ ሩስያ ወይ ካልኦት ሽርክነት ክትገብር ኣጸጋሚ እዩ። ስለዚ ኣፍሪቃ ክንዲ ምምራር፡ ክንዲ ንኻልኦት ምርጋም፡ ነዞም መሰረታውያን ናይ ውሽጢ ሽግራት ክፈትሖም ክኽእል ኣለዎ። ድሕሪኡ ሽርክነት ክትፈጥር ትኽእል። መሻርኽትኻ ይረብሕ፡ ንስኻ እውን ትረብሕ። እንተዘየሎ ባዶ ድምር እዩ ዝኸውን። ክሳራ ጥራይ እዩ። ሓደ ዝኸስር፡ እቲ ካልእ ዝኸስብ እንተኾይኑ ድማ ሽርክነት ክበሃል ኣይከኣልን። እቲ ስክፍታ ዝበልክዎ እዚ እዩ። ሓቀኛ ሽርክነት ክንምስርት እንተኾይንና፡

ነዚ ጉዳይ'ዚ ብግቡእ ክትሓዝ ኣለዎ። ኣፍሪቃ ቅድም ናቱ ሽግራት ክፈትሕ ኣለዎ። እቲ ካልእ ጸገም ናይ ኣፍሪቃ ቅርጻዊ (ስትራክቸራል) እዩ። ድሕሪ ምብቃዕ መግዛእቲ፡ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ን'ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ' መስሪቶም። እቲ ውድብ 30 ዓመታት ገይሩ፡ ብዙሕ ከየፍረየ ኣይጠቅምን'ዩ ይቀየር፡ ካልእ ዘድምዕ ውድብ ክህልወና ኣለዎ ተባሂሉ 'ሕብረት ኣፍሪቃ' መጺኡ። ሎሚ ሕብረት ኣፍሪቃ ኣሎ ኢ.ልካ ምዝራብ ናይ ቃል-ዓለም እንተዘይኰኑ ብግብሪ የለን። ዞባዊ ውድባት ሳደክ፡ ኢ.ጋድ፡ ኢ.ኮዋስ ወዘተ. እውን ኣሎ ኢ.ልካ ክትዛረብ ዝከኣል ኣይኮነን።

ንማለቱ ድግሳት ይውደብ፡ ንህዝባዊ ርክባት ፕሮፖጋንዳ ይግበር፡ ድሕሪ'ዚ ተወዲኡ'ዩ። ስለዚ ንዞባውን ክፍለ ዞባውን ምትሕግጋዝ ዝሕግዝ ቅርጽታት እውን የለን። ከምዚኦም ዝኣመሰሉ በዳህቲ ሽግራት ከለዉ፡ ሱቕ ኢ.ልና ሽርክነት ክንምስርት ስለዝበልና ትርጉም ዘለዎ ኣይኮነን። ናይ ብሓቂ ሽርክነት ክምስረት እቲ ዘሎ ዓበይቲ ጸገማት ፍታሕ ክንረኽበሉ ኣለና። ኣብ ከምዚ ዓይነት ዋዕላታት እምበኣር፡ ሓደ መረዳእታ ምፍጣር የድሊ። ሓባራዊ መረዳእታ ፈጢርካ፡ ድሕሪኡ ዘድልየካ ዝርዝር መደባት ኣውጺእካ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ትሕተ ቅርጺ፡ ጸዓት፡ ማይ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት፡ መጕዓዝያን መራኸቢ.ታትን ክግበር ዝኽእል ምትሕግጋዝ ክትውጥን ትኽእል። ልዕሊ ኵሉ ምስናዕ ዝበሃል ነገር ኣሎ። ተፍርዮ ጥረ ነገራት ክትስንዮ ክትክእል ኣለካ። ክትስንዮ እንተኽኢ.ልካ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ቍጠባ ትድይብ ኣለኻ። ዕዮን ዕድላት ስራሕን ትፈጥር፡ መነባብሮ ሰባት እናቐየርካ ትኸይድ። ኣብኡ ከሎ ጥረ ነገራት ድዩ ጥሪት ንደገ ትሸይጥ እንተኾይንካ ግን ለውጢ ክተምጽእ ዝከኣል ኣይኮነን። በዚ ወርቂ ኣሎ፡ በዚ ነሓስ ኣሎ፡ በዚ ካልእ ኣሎ ኢ.ልካ ክትዛረብ ትኽእል ኢ.ኻ። ከተመስርሖ ክትስንዮ፡ ክብሪ ክትውስኽሉ ዘይትኽእል እንተኾይንካ ግን ቍጠባ ኣሎ ኢ.ልካ ክዝረብ ኣይከኣልን።

እዚ በበይንኻ ጥራይ ዘይኮነ ብምሕቡር መገዲ እውን ክግበር ይኽእል እዩ። ኣብ ሓደ ዞባ ወይ ክፍለ ዞባ ዘለዋ ሃገራት ናይ ጥምረት ቅርጽታት ፈጢረን ተሓባቢረን ክሰርሓ ይኽእላ እየን። እቲ ኣርእስቲ ገፊሕ እዩ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ብወገንና ክንገብሮ ንኽእል ዘወጻጽኣና ናይ ሽርክነት መርሓ ጎደና ኣነጺርና ምፍላጥ እዩ። ነቶም መሻርኽትና እንብሎም ከኣ ሓሳባትና ከነካፍሎም ክንክእል ኣለና። እዚ ብድሆታት እዚ ኣሎ፡ እዚ ጸገማት እዚ ኣሎ፡ ነዚ ከይሰገርካ ሽርክነት ክምስረት ኣይክእልን እዩ እሞ ንስኻትኩም እጃምኩም ኣበርክቱ፡ ንሕና'ውን ዕዮ ገዛና ክንገብር ክንብሎም ኣለና። ኣብ ሓደ ኢ.ጋጣሚ ከምዚ ትማሊ ዝተገብረ ዋዕላ ዘይኰነ ኣብ ዝተፈላለዩ ኢ.ጋጣሚታት እዞም ሓሳባት እዚኣቶም ከነብስሎም ኣለና። ሓደ መረዳእታ ምስ ፈጠርና ከኣ ንሽርክነት ባይታ ፈጢ.ርና ኣለና ክንብል ንኽእል።

**• ኣፍሪቃ ምስ ካልኦት ሽርክነት ክትፈጥር መጀመርያ ዕዮ ገዛኣ ክትገብር ኣለዋ ትብል ኣለኻ። ሕብረት ኣፍሪቃ ይኹን ካልኦት ዞባውያን ውድባት ብግብሪ እንተዘየለዉ ግን፡ ብኸመይ ኣፍሪቃ ሓደ ዓይነት መረዳእታ ሒዛ ክትሰርሕ ትኽእል? ኣብዚ እንታይ ተስፋ ኣሎ?**

ተስፋ ኣሎ የለን ዘይኮነ፡ ተስፋ ክትፈጥር ናይ ግድን ክትሰርሕ ኣለካ። ናይ ኣፍሪቃ ድዩ ናይ ዞባ ውድብ ኣሎ እናበልና ዘየለ ነገር ከምዘሎ ኣምሲልና ክንዛረብ እንተኾይንና፡ ንነብስናን ንመሻርኽትና ኢና ንቕሽሽ ዘለና። ንኣብነት ኢጋድ ዝበሃል ነገር ኣሎ ድዩ? እንታይ ይሰርሕ? እንተድኣ ኢልና - የለን። ንምንእኣስ ወይ ምቁንጻብ ኣይኰነን። ሓቂ ተቐቢልና፡ ከምዘየለ ኣሚንና ከም ዝህሉ ክንገብር ኣለና። ናይ ብሓቂ ከስርሓና ዝኽእል ቅርጺ ክህልወና ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ዘየለ ነገር ግን ስለምንታይ ነብስና ንቕሽሽ? ስለምንታይ ንመሻርኽትና ንቕሽሽ? ሕብረት ኣፍሪቃ ዝበሃል ነገር የለን። የለን ኢልካ ክትጅምር ከለኻ፡ ክህሉን ኣድማዒ ክኸውንን ምእንቲ እዩ። ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ (OAU) ከምቲ እቶም መስረትቲ ኣቦታት ዝቐየስዎ ክኸውን ኣይከኣለን ተባሂሉ ናብ ሕብረት ኣፍሪቃ ይሰጋገር እምበር ክሰርሕ ኣይከኣለን። ስለዚ ኣሎ እናበልካ ትቕጽለሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ? ኢኮዋስ፡ ሳደክ፡ ኢጋድን ካልኦትን ብኸመይ'የን ዝሰርሓ፡ እንታይ ናይ ምምልላእ ኵነታት ፈጢረን ነቲ ቍጠባታት ቀይረናኦ እንተድኣ ኢልና ኣብ ባይታ ዘምጽእኦ ለውጢ ስለዘየለ፡ እዘን ቅርጽታት እዚኣተን ዕዳ'የን ንገዛእ ርእሰን። ስለዚ ቅድሚ ዝኣገረ ብኽፍለ ዓለም፡ ብዞባን ክፍለ ዞባን ዝሰርሕ ኣካላት ወይ ዝሰርሕ ቅርጽታት ክህሉ ኣለዎ። እዚ ጉዳይ'ዚ ከነወንዝፎ፡ ከነሰጋግሮ ወይ ጸገማቱ እናረኣናዮ ኣዒንትና ዓሚትና ክንከይድ የብልናን እዩ - እቲ ዋና ነገር።

**• ሕራይ ክቡር ፕረዚደንት፡ ኣብ በይጂን ምስ ዝተፈላለዩ ሰበስልጣን መንግስቲ ቻይናን ካልኦት መራሕቲ ሃገራትን ተራኺብካ ነይርካ። ዘካየድካዮ ርክባት ኣብ ምንታይ ዘተኰረ'ዩ ነይሩ፡ ሓፈሻዊ መብርሂ ክትህበና?**

ምምይያጥ ዓቢ ነገር እዩ። ንምምይያጥ ግን ናይ ጽምዶ ሜላኻ ክትፈልጥ ኣለካ። ንቀልዓለም እናተመሳገንና ክንከይድ ዘይኰነ፡ እቲ ሓቂ ክንነግር ኣለና። ድኻማትና ሕጽረታትና ከምዚ'ዩ ክንብል ክንክእል ኣለና። እቲ ንሕና እንርእዮ፡ ንሳቶም ብወገኖም ዝርእዩዎ ኣብ ግምት ኣእቲና፡ ናይ ሓባር መረዳእታ ክንፈጥር ኣለና። ዘለና ጸጋታት ኣገሳጒስና ክንሰርሕ ምእንቲ ሓሳባት ክንለዋወጥ ኣለና። ኣብ'ዚ ሕጂ ምስ ዝተፈላለየ ናይ መንግስቲ ሰበ-ስልጣን፡ ኩባንያታት፡ ውልቀ-ሰባት ክንራኸብ ቀኒና። ምስኣቶም ክንጸምድ ሓሳባትና ነካፍሎም፡ ርእይቶታቶምን ሓሳባቶምን ንሰምዕ። ኣብ መወዳእታ ከኣ፡ ናይ ሓባር መደባት ኣውጺእና፡ እቲ ተመኵሮ እናማዕበልናዮ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክንከይድ ንኽእል።

ናይ ቻይና ቍጠባዊ ዕብየት ኣብ ውሽጢ'ዚ ሓምሳ ሰሳ ዓመታት ዝተራእየ ኣብ ዓለምና መዘና የብሉን። ምግናን ኣይኰነን። እዚ ንኣታቶም ጥራይ ዘይኮነ ንኣፍሪቃ እውን ዓቢ ዕድል እዩ። ኣፍሪቃ ክትጥቀመሉ ክትክእል ኣለዋ። ተመኵሮኦም ብምውሳድ፡ ካብ ሰደድ ጥረ ነገራት ናብ ምምስራሕ፡ ናብ ምስናዕ ክንከይድ ንኽእል። ኣብዚ ሕጂ እዋን ብቍጠባ ንቻይና ክወዳደር ዝኽእል የለን። ንቻይና ቀይድ፡ ንቻይና ጽመድ፡ ንቻይና እሰር ዝበሃለሉ ዘሎ ምኽንያት እቲ ቁጠባዊ ዕብየት ቻይና ዝፈጠሮ ስንባደ እዩ። ድሕሪ ምብትታን ናይ ቀደም ሶቬት ሕብረት፡ ምዕራባውያን ንሩስያ ኣብ ኮንተይንመትን ስትራተጂ እዮም ኣእትዮማ ጸኒሖም። እዚ እንርእዮ ዘለና ናይ ዩክረይንን ካልእን ኩነታት ውጽኢት ናቱ እዩ። ንቻይና'ውን ይደናደኑዋ እዮም ዘለዉ። ናይ ታይዋን ጉዳይ ተልዕል፡ ካልእ ኪዳናት ኣብቲ ከባቢ ክትምስርት ትፍትን።



ይኹን'ምበር ሎሚ ንቻይና ክብድህ ዝኽእል ቍጠባዊ ሓይሊ ወይ ዓቕሚ ኣሎ ኢልካ ክትዛረብ ዝከኣል ኣይኰነን። እቲ ናይ ኣይዲዮሎጂ፡ እቲ ናይ ፖለቲካ ጐድንታቱ ንጸግዒ ገዲፍካ እምበኣር ኣህጉር ኣፍሪቃ ናብ ምስናዕን ክብሪ (ቫልዩ) ምውሳኽን ወጺኣ፡ ነቲ ዘሎ ቍጠባታት ካብ ናይ ዕንጋሎ ጽፍሒ ኣውጺኣ ናብ ዝለዓለ ክትወስዶ ምእንቲ፡ ቻይና ሓንቲ ኣገዳሲት መሻርኽቲ እያ። ምስ ቻይና ዝግበር ሽርክነት፡ ንኣፍሪቃ ብዙሕ ጥቕሚ ኣለዎ። ካብ ካልኦት'ውን ኣይትጥቀምን ማለት ኣይኰነን። ጣልያን፡ ሩስያ ክንብል ንኽእል ኢና። ግን፡ ክንዲ ናይ ቻይና ዓቕሚ ዘለዎ ስለዘየለ፡ እዚ ምስ ቻይና ዝግበር ሽርክነት ናቱ ፍሉይ ትርጉም ኣለዎ። ኣድማዕነት ክህሉዎ ድማ፡ ናይ ኣፍሪቃ ሃገራት ዕዮ-ገዛአን ክፍጽማ ኣለወን። ከምኡ ገይረን ኣብ ቻይና ዘሎ ናይ ቴክኖሎጂ ገስጋስ፡ ናይ ቁጠባ ሓይሊ ይኹን ካልእ ዝተፈላለዩ ዕድላት ክጥቀማሉ ይኽእላ። ሱቕ ኢልካ ኣብ ድግስ ተሳቲፍካ ናብ ገገዛኻ ምምላስ ክኸውን የብሉን። ምስ ዝተፈላለዩ ትካላት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውዲታት፡ ሰፊሕ ዝኾነ ምምይያጥ ክግበር ክኽእል ኣለዎ። ብኽልተኣዊ ደረጃ ኣብ መንጎ

ኤርትራን ቻይናን እንታይ ክግበር ይከኣል እንተድኣ ኢልና፡ ኣብ ጸዓት፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ ማይ፡ መጕዓዝያ፡ መራኸቢታት፡ ዕደና፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት - ጥዕና፡ ትምህርቲን ካልኦት ነንበይኖም ዓውዲታትን ብዙሕ ክግበር ዝኽእል ምትሕግጋዛት ኣሎ። ነዚ ናይ ቻይና ዕድል ክንጥቀመሉ እንተኾይንና ከኣ፡ ናትና ዓቕሚታት እናዕበናን እናመሓየሽናን፡ ኣሰራርሓና እናራቐቕና ክንከይድ ኣለና። ወርቂ ኣሎና፡ ነሓስ ኣሎና፡ እናበልና ጥረ-ነገራት ክንሸይጥ ጥራሕ ክንነብር ኣይኰንናን። ጂኦግራፊያዊ ብልጫታት ኣሎና። ብብዙሕ ነገራት ናትና ፍሉይነት ኣብ ግምት ኣእቲና፡ ቁጠባና ከነሐይሎን ከነማዕብሎን ምእንቲ፡ ምስ ቻይና ጥራሕ ዘይኰነ ምስ ካልኦት ሃገራት እውን ንገብሮ ሽርክነት ናትና ዕዮ-ገዛ ወዲእና ምስ ኣቕሪብና ክኸውን ስለዘለዎ፡ ነዚ ዕዮ-ገዛና ዝኸውን ናይ ጽምዶ (engagement) ስትራተጂና ኣነጺርና፡ ምስ ዝተፈላለያ ትካላት፡ ኩባንያታት፡ ኣካላት ናይ መንግስቲ እናተራኸብና እቲ ክምዕብል ዘለዎ ከነማዕብሎ ንሰርሕ ኣሎና። እንተላይ ንምክልኻልን ጸጥታን ዝምልከት ጉዳያት። እዚ ዓውዲ'ዚ እዩ ዘገድሰና፡ እዚ ዓውዲ'ዚ ግን ኣየገድሰናን እዩ ኢልና ንገድፎ ስለዘየለ፡ ኣብዘን ሒደት መዓልታት ኣብ ዝነበራ ኣጋጣሚታት ምስ ኵሎም ሰባት ወይ ትካላት ተረኺብና ዝገበርናዮ ዘተ ምስቲ ዋዕላ (summit) ዝኸይድ ጽምዶ እዩ ነይሩ።

**• ኣብ ዞባና፡ ከምዚ ክትጠቕሶ ዝጸናሕካ - ሽርክነት ክህሉ፡ ዞባዊ ውህደት፡ ሰላምን ርግኣትን ኣገዳሲ እዩ። ምስ ገለ መራሕቲ ናይዚ ከባቢና'ውን ተራኺብካ ነይርካ'ሞ፡ ከመይ ይመስል እቲ ዘሎ ኵነታት?**

ኣብ ኣፍሪቃ ኣነ ንበይነይ ደሴት ኰይነ ክምዕብል እየ፡ ከምዚ ክገብር እየ ዝብል እንድሕር ኣሎ ኰይኑ፡ የዋህነት ጥራሕ'ዩ። ከምኡ ዝበሃል ነገር የለን። እቲ ሓይሊ እንብሎ ኣብ መወዳእታ ኣብ ምምልላእ እዩ። ሓደ ሃገር ናቱ ፍሉይነት ክህሉዎ ይኽእል ይኸውን፡ ናቱ መደባትን ናቱ ቀዳምነታትን ሰሪዑ ክሰርሕ ይኽእል ይኸውን፡ ዘለዎ ጸጋታት ከጕሳጕስ ይኽእል ይኸውን፡ ኣብ መወዳእታ ግን ደሚርካ ክትርእዮ እንከለኻ፡ እዚ ነተን ሃገራት ሓይሊ ኣይህበንን እዩ። ንሕና ምስ'ዚ ሕጂ ዘለናዮ ኵነታት ክንርእዮ እንድሕር ኰንና፡ ኣብ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳን፡ ሶማል፡ ኢትዮጵያ፡ ጅቡቲ ይኹን የመን ዘሎ ኵነታት ኣይምልከተናን እዩ - ናህና ናይ በይንና መንገዲ ሒዝና ኢና ንኸይድ - ክንብል ኣይንኽእልን። ሎሚ ዘይኰነ፡ ቅድሚ 30 ዓመታት ኢጋድ ይመስረት ክበሃል እንከሎ፡ ነዚን ከምዚን ክሕግዘና ይኽእል'ዩ ስለዝተባህለ እዩ። ኣብ ክንዲ በበይንና ጉያ-ጉያ ንብል፡ በበይንና ንኸይድ፡ ሓቢርና ክንሰርሕ፡ ዘሎና ጸጋታት ሓቢርና ከነጕሳጕስ ጥራሕ'ዩ ዘዋጻጽኣና። እዚ ሕርያ ኣይኰነን። ባህ ኢሉኒ ወይ ባይ ኣይበለንን ኢልካ ትገድፎን ትሕዞን ጉዳይ ኣይኰነን። ናይ ግድን እዩ። እዚ ሃዋህው እዚ ክፍጠር ክኽእል ኣለዎ። እቲ ባይታ ክጣጣሕ ክኽእል ኣለዎ። ከባቢና ከይቀሰነ፡ ከባቢና ናይ ልምዓት መደባቱ ኣነጻጺሩን ደሚሩን

ናብ ዝሓየለ ገስጋስ እንድሕር ዘይከይድ ኰይኑ፡ ንበይንና ጥራሕ እንታይ ክንገብር ንኽእል? በይንና ጥራሕ ከምኡ ክንገብር ንኽእል ዲና? ስለዚ፡ ኣብቲ ዘቤታዊ፡ ዞባዊን ክፍሊ ዞባውን እንብሎ፡ ንምትሕግጋዛትን ጥምረትን ዓቢ ግምት ክወሃቦ ክኽእል ኣለዎ። ሰላምን ቅሳነትን ረኺብካ ክትነብር፡ ናብ ልምዓት ክትኣቱ፡ ዓይነት ህይወት ሰባት ክትቅይር በበይንኻ ዝግበር ነገር ኣይሰርሕን እዩ። በበይንኻ ክትፍትን ትኽእል ትኸውን፡ ከምኡ'ውን ክትጻገም ትኽእል ትኸውን - ኣብ መወዳእታ ግን እቲ እትደልዮ ናህሪ፡ እቲ እትደልዮ ገስጋስ ኣረጋጊጽካ ነቲ ክትወቕዖ ዝደለኻዮ ሸቶ ክትወቅዕ ኣጸጋሚ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ከም ዝረኣናዮ ኣብ ጐረባብትና ዘሎ ጸገም ጥራሕ ዘይኰነ፡ ኣብ ዞባና ዘለዉ ጐብለላት ዝበሃሉ፡ ካብዚ ዞባ ወጻኢ ዘለዉ ብዓለም ደረጃ ጐብለላት ኢና ዝብሉ ሓይልታት ኣብ ጐደቦና መጺኦም ዝፈጥሩዎ ዘለዉ ህውከት ዝፈጥረልና ዘሎ ዕንቅፋታት ቀሊል ነገር ኣይኰነን። እገዳ በዚ፡ እገዳ በቲ፡ በዚን በቲን ዕንቅፋት ይመጽእ ኣሎ። ንሕና ነዚ መኪትናዮ ሰጊርና ወይ ሓሊፍናዮ ኢና ክንብል ንኽእል ኢና።

ኣብ መወዳእታ ግን ምቹእ ሃዋህው ክንፈጥር ስለዘለና፡ ነዚ ምስ ጐረባብትና ተሓጋጊዝና ኢና ከነምጽኦ ዘለና። ስለዚ፡ ናቶም ርግኣት፡ ቅሳነት፡ ናቶም ናይ ልምዓት መደባት ምስ ናህናን ምስ ካባና ወጻኢ ዘለዉን ኣብ ግምት ኣእቲኻ፡ ብሽርክነት ምስኣቶም ክንሰርሕ ኣሎና። ቅድሚ ዝኣገረ ግን፡ ናህና ናይ ገዛእ□ርእስና ዕዮ ገዛና ንገብር። ሽዑ ነቲ ናይ ጐደቦና እንብሎ ናይ ሓባር መደባት ከነለጋግብ ንኽእል። ሽዑ ብዞባ ደረጃ ጸጋታት ኣሎና፡ ኵሉ ዓቕሚ ኣሎና፡ ኵሉ ነገር ክንገብር ንኽእል ኢና ኢልና ክንሓስብ ንኽእል። ነዚ ንምግባር ሓደ ዘወሃህድ ውጥን ክህልወና ክኽእል ኣለዎ። ኣብ ሱዳን እንታይ ይግበር፡ ኣብ ደቡብ ሱዳን፡ ሶማል፡ ጅቡቲ፡ ኢትዮጵያ እንታይ ኣሎ፡ ኣብ የመን እንታይ ኣሎ - ኣይግድሰናን እዩ፡ ኣብ ጐደቦና ዘሎ ኵነታት ከም ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ደረጃ ሰሪዕናዮ ኢና ንሽይድ ኣይንብልን ኢና። ኣብዘን ዝሓለፋ 30 ዓመታት ከኣ ብኸምኡ ሰሪሕና ኣይንፈልጥን። እቲ በይንና እንገብሮ ትርጉም ዝህሉዎ፡ ኣድማዕነት ዝህሉዎ፡ ውሕስነትን ቀጻልነትን ዝህሉዎ፡ ምስ ጐረባብትና ኣብ እንሰርሓሉ እዋን እዩ። ስለዚ፡ ከምዚ ናይ ቻይና ዝኣመሰለ ኣጋጣሚ ክመጽእ እንከሎ፡ ምስ'ቶም ኣብ ጐደቦና ዘለዉ መራሕቲ ተራኺብካ ክትዛረበሉ ኣገዳሲ እዩ። ካብኡ ወጻኢ እውን ምስ ካልኦት ክፍለ-ዓለማት ወይ ክፍለ□ዞባታት ዘለዋ - ናይ ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ደቡባዊ ኣፍሪቃ፡ ሰሜናዊ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ማእከል ዘሎ - ምስኣቶም እንታይ ትገብር ትመያየጠሉ። ቅድም ቀዳድም ግን፡ ኣብቲ ጐደቦና ዘሎ ኵነታት ብግቡእ ገምጊምና ናይ ምትሕግጋዝ መደባትና ከነሐይል ምእንቲ፡ ምስ ጐደቦና፡ ምስ ጐረባብትና ንሰርሕ። ባህርያዊ ሕርያ ስለዝኾነ፡ ብኸምኡ ኢና ክንሰርሕ ጸኒሕና። ንድሕሪ ሕጂ'ውን ከምኡ'ዩ ዝቕጽል። ከምዚ ኣብ ቻይና ዝተገብረ ዋዕላ ዝመስል ዕድል ክርከብ እንከሎ፡ ካብ ብማዕዶ ትራኸብ፡ ብቐጥታ ተራኺብካ ሓሳብ ንሓሳብ ትለዋወጥ'ሞ፡

እንታይ ይመስለካ እንታይ ይመስለኒ ኢልካ ክትዛረብ ብዙሕ ረብሓታት ኣለዎ። ስለዚ፡ እቲ ኣጋጣሚ ጽቡቕ እዩ።

**• ፕረዚደንት ሺ ዢንፒንግ ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ዋዕላ ኣብ ዘስመዮ መደረ፡ ዝምድና ቻይናን ኣፍሪቃን ናብ ስትራተጂያዊ ደረጃ ክብ ንኽብል ሓሳባት ኣቕሪቡ ነይሩ። እዚ ሓሳባት'ዚ ግብራዊ ክኸውን ይኽእልዶ - ኣብዚ ዘለናዮ ኵነታት?**

ፕረዚደንት ሺ ዢንፒንግ ዘቕረቦ ናይ 10 ነጥቢታት ውጥን ኣዝዩ ገዚፍ እዩ። ክትርድኦን ከተዳቕቕን ግዜ የድልየካ። እዘን 10 ነጥቢታት ናይ ተግባር ውጥናት (ፕላን ኦፍ ኣክሽን) እየን። ሓፈሻዊ መርሓ-ጐደና እዩ ኢልና ክንወስዶ ንኽእል ኢና። ልዕሊ ኵሉ ከኣ ዕዮ ገዛ እዩ። እዘን 10 ነጥቢታት እዚኣተን ኣብ ሽርክነት ኣፍሪቃን ቻይናን እንተድኣ ኣድማዕቲ ክኾና ኰይነን፡ ዘላቕነት'ውን ክህሉወን እንድሕር ኰይኑ፡ ቅድም ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ናይ ኣፍሪቃ ሓደ ብሓደ ከጽንዐን ክኽእል ኣለዎ። እተን 10 ነጥቢታት እንታይ ማለት እየን? ብኽልተኣዊ ደረጃ ንዓና ንኤርትራ እንታይ ማለት ክኾና ይኽእላ? ኣብ ጐደቦና ዘሎ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር'ከ ነዘን ነጥቢታት ብኸመይ ይርእየን? እዘን ነጥቢታት ብኸመይ እየን ዝጸልዋኦ ወይ ምስ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር እንታይ እዩ ዝምድናታተን? ኣብቲ ምምልላእ ናይ ዞባ እንብሎ'ሽ ንሕና ነዘን ነጥቢታት ከመይ ኢና ንርእየን? እቲ ንሕና እንርእዮ ዳይመንሽንን እቶም ካልኦት ዝርእይዎ ዳይመንሽን በብመንገዱ ኣምጺእካ ኣብ መወዳእታ ኣብቲ ስእሊ ንጹር ኣጠማምታ ከምዝህሉ ክትገብር ቀሊል ነገር ኣይኰነን። ፕረዚደንት ሺ ዢንፒንግ ነተን ነጥብታት ኣቕሪቡወን ኣሎ።

ንሕና ድማ ንዓኣተን ሓደ ብሓደ ኣዳቒቕና እውን ከነንብበን፡ ክልተ ግዜ፡ ሰለስተ ግዜ፡ ኣርባዕተ ግዜ ክንሓስበለን ኣለና። ናትና መግለጺታት ክንረኽበለን ምስ ፍሉይ ኵነታትና እናዛመድና ክንርድኣን ክንክእል ኣሎና። ነናህና መረዳእታ ወይ ገምጋም ወሲድና ክንከይድ እውን እኹል ኣይኮነን። ምስቲ ኣብ ጐደቦኻ ወይ ኣብ ጥቓኻ ዘሎ'ውን ሓሳብ ንሓሳብ ክትለዋወጠሉ ክትክእል ኣሎካ። ናይ ኣፍሪቃን ቻይናን ሽርክነትን ምትሕግጋዝን፡ እንተድኣ ናይ ብሓቂ በዘን ቀሪበን ዘለዋ 10 ነጥቢታት ንቕድሚት ገጹ ክጥምት ኰይኑ፡ ብክፍሊ-ዓለም ደረጃ፡ ብክፍሊ-ዞባ ደረጃ፡ ብነፍሲ-ወከፍ ሃገር ደረጃ ክርአ ክኽእል ኣለዎ። እዘን 10 ነጥቢታት እዚኣተን ናይ ብሓቂ ተረዲእናየን ኣሎና ዲና? ኣብቲ ዋዕላ እውን እንተኾነ ድግስ ጥራይ ተሳቲፍካን ሰሚዕካን ምኻድ ዘይኮነ፡ እንታይ ማለት እየን? ክንሓትት ምተገብአ ነይሩ። ኣብዚኣ እንታይ ኢኻ ትብል ዘለኻ? ካብ'ዘን ኣቕሪብካየን ዘለኻ 10 ነጥቢታት እዛ ቀዳመይቲ እንታይ ትብል ኣላ? እዛ ካልኣይቲ እንታይ ትብል ኣላ? ዓስረይቲ እንታይ ትብል ኣላ? ተባሂሉ ብደቂቕ ክሕተት ምተገብአ። ተረዲኡና ከይድና ዕዮ□ገዛና ገይርና ሓሳባትና ከነቕርብ፡ ወይ ከኣ መደባትና ከነጻፍፍ፡ ክንፈልጠን ኣለና። እዚን እቲን

ከይበልካ ግን፡ ድሓን እተን 10 ነጥቢታት ቀሪበን ኣለዋ፡ ነፍሲ-ወከፍ ሃገር፡ ነፍሲ-ወከፍ መንግስቲ ድማ በብዝመስሎ ዝወስደን ክኸውን የብሉን። ንዓመታ ወይ ኣብ ዝመጽእ ግዜ ናይ ኣፍሪቃ - ቻይና ናይ ምትሕግጋዝ መደባት ዝበሃል ዋዕላታት እንድሕር ኣሎ ኰይኑ፡ ነዘን 10 ነጥቢታት እንታይ ሒዝናለን ኣሎና? መልሲ ረኺብናለን'ዶ? ንዓኣተን ዝሰማማዕ ውጥናትን መደባትን ሒዝና ንመጽእ ኣሎና'ዶ? ኣብ ውሽጢ'ቲ ሓፈሻዊ ቅርጺ ናይ ምትሕግጋዝ ናበይ ገጽን ክኸዳ እየን? ከመይ ጌረን'ከ ለውጢ ከምጽኣ እየን ኣብ ኣፍሪቃ? እዚ ተኣሚሙ ዘሎ መሰረታዊ ቁጠባዊ ለውጢ ከምጽእ ይኽእል ድዩ? ነፍሲ-ወከፍ ሃገር ኣብ ኣፍሪቃ'ኸ ክጥቀመሉ ይኽእል ድዩ? ቻይና'ኸ እንታይ እያ ክትገብር? ወዘተ. ዝበሃል ጉዳይ፡ ኣነ ዓበይቲ ዘይተመለሰ ሕቶታት ኣሎ በሃላይ እየ- ስለዚ እቲ ጉዳይ ገና'ዩ ዘሎ። ነፍሲ-ወከፍ ዕዮ-ገዛኡ ሰሪሑ ከቕርቦ ዘለዎ ጉዳያት ኣሎ። ንሕና ከኣ ጽባሕ ድሕሪ ጽባሕ እናበልና ንደናጐየሉ ምኽንያት የብልናን። እተን ዘለዋ ወረቓቕቲ ክንህቦም ኢና።

ክቡር ፕረዚደንት፡ ስለ'ቲ ዝሃብካና ሰፊሕ መብርሂ ኣመስግን